# ቫይረስ ኮሮናን ሕዱራት ሕማማትን

## ተወሰኽቲ ስራሕቲ ምክልኻል

ልዑል ፀቕጢ ደም፣ ሽኮርያን ካልኦት ሕዱር ሕማማትን ዘለዎም ሰባት ብዝበለፀ ብቫይረስ ኮሮና ስለዝጥቕዑ ኩላትና እቲ ሕማም ንኸይጋፋሕን ጥዕና ሕብረተሰብና ንምሕላውን ግደ ኣለና፡፡

## መልእኽቲ ንወሃብቲ ግልጋሎት ጥዕና



- ኣብ ትካል ጥዕና ንኩሎም ሕሙማት ዝተጠቐምኹምሎም መሳርሕታት ሕክምና ብግቡእ ብዲስኢንፌክታንት ክተፅርዩን ካልኦት ኣድለይቲ ጥንቓቐታት ክትገብሩን ይግባእ፡፡
- ሰዓልን ካልኦት ምልክታት ረኽሲ ስርዓተ ምስትንፋስ ዘለዎም ሕሙማት ቀልጢፍካ ብምምምማይ ኣብ ዝተፈለየ ቦታ ክፀንሑ ግበሩ፡፡
- ልዑል ፀቕጢ ደም፣ ሽኮርያን ካልኦት ሕዱር ሕማማትን ዘለዎም ሰባት ዝግበር



ክንክን ጥዕንኦም ንምትላም ብስልኪ ወይ ብፅሑፍ መልእኽቲ ርኸብዎም፡፡

- ብቫይረስ ኮረና ኣብ ዝተጠቕዓ ከባቢ ሕሙማት ሃንደበታዊ ጉዳይ እንተዘያጋጢምዎም ናብ ትካል ጥዕና ከይመፅኡ ምዓድዎም፡፡
- ሰዓልን ካልኦት ምልክታት ረኽሲ ስርዓተ ምስትንፋስ ካብ ዘለዎም ሰባት ቫይረስ ንከይሓልፈኩም ኣድላዪ ምክልኻልን ጥንቓቐን ግበሩ፡፡



*https://www.who.int/publications-detail/infection-prevention-and-control-during-health-care-when-novel-coronavirus-(ncov)-infection-is-suspected-20200125

- ኣብ ደሓን ኩነታት ዘለዉ ሕሙማት መድሓኒቶም ንንውሕ ዝበለ እዋን(ን 90 መዓልቲታት) ክእዘዞሎም ግበሩ፡፡
- ካብ ትካል ጥዕና ርሒቆም ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ሕዱር ሕማማት ዘለዎም ሰባት እቲ ዝረኽብዎ ክንክን ንክቕፅል ተንቐሳቃሲ ፋርማሲ ወይ ጉጅለ ዕደላ መድሓኒት ብምጥያሽ ግልጋሎት ንክረኽቡ ግበሩ፡፡

ሪዞልቭ ቱ ሴቭ ላይቭስ ዝተብሃለ ትካል ብሰንኪ ሕማም ልብን ለበዳን ብሚሊየናት ዝቁፀሩ ሰባት ንከይሞቱ ዝሰርሕ ትካል እዩ፡፡ ንዝበለፀ ሓበሬታ www.resolvetosavelives.org and www.preventepidemics.org ምርኣይ ይከኣል